# ቅጥለት ሕጻናት

## ትማሊ ኣብ ቤተልሔም - ሎሚ ኣብ ማኅጸን ወላዲት

(ማቴ 2፡ 13-18)

ሣልስቲ ድሕሪ በዓል ልደት፡ ቤተክርስትያን ነቶም ንጉሥ ሄሮድስ፡ ኢየሱስ  ምስ ዓበየ መንግሥግቲ ካብኡ ወይ ካብ ደቁ ከይዝርፍ ፈሪሑን፡ ሰብኣ ሰገል ክንዲ ዝተላገጹሉ ተናዲዱን ዘቕተሎም ሕጻናት ቤተልሔም ትዝክር። ትጽቢቱ ኣብ ምንጎ እቶም ሕጻናት ኢየሱስ ኪልከም፡ ኣብ ንግስነቱ ዚወዳደሮ ከይርከብ ኢዩ ነይሩ፡ እንተኾነ - *ወንጌል ማቴዎስ ከምዜዘንትወልና* - ዮሴፍ፡ *መልኣኽ ብሕልሚ* ስለዝመኸሮ፡ ንኢየሱስን ማርያምን ናብ ግብጺ ኸዊሉዎም ስለዝጸንሐ፡ ሓሳብ ሄሮድስ ከይተዓወተ ተረፈ። ኢየሱስ ገና ኣብ ግብጺ እንከሎ፡ ሄሮድስ ሞተ፡ ኢየሱስ ድማ ብሰላም ንዓዱ ኪምለስ ከኣለ።
ሽሕ እኳ እዚ ዛንታ ብዘይካ ኣብ ወንጌል ማቴዎስ ካልእ ታሪኻዊ ምስክርነት እንተዘይረኸበ *(ብዛዕባ ሕጻንነት ጐ. ኢየሱስ ክርስቶስ ተገዲሱን ተመራሚሩን ካብቶም ካልኦት ወንጌላውያን ከኣ ኣሰፊሑን ዝጸሓፈ ሉቃስ ከይተረፈ ኣየዘንትዎን። ከምኡ ዮሴፍ ፍላቭዩስ፡ ዚበሃል ምሁር ኣይሁዳዊ፡ ጸሓፍ ታሪኽ እስራኤል ክነሱን፡ ምስ ሄሮድስ ብዝነበሮ ብርቱዕ ኣንጻርነት፡ ግብሪ ክፍኣት ሄሮድስ ዘየሕልፈሉ፡ ነዚ ነጥቢ ኣብ "መጽሓፍ ዛንታ ዓለም" ዘርእስቱ ድርሰቱ ኣየልዕሎን)*፡ ሄሮድስ ብጭካኔኡ ዉሩይ ስለዝነበረ፡ ምቕታል ሕጻናት ሓዲስ ነገር ኣይምኾኖን ነይሩ። 10 ኣንስቱ ኣእቲዩ 3 ካብእተን ተቐቲለን ሞታ፡  ከምኡ ካብ ደቁን ብዙሓት ቤተሰቡን ቀቲሉ። እዚ ድማ መንግሥቱ ከየሕድግዎ ኢሉ ብዘሓደሮ ፍርሕን ጥርጠራን ጥራሕ ኢዩ። ንጉሥ ሮማ ኣውጉስጦስ ባዕሉ፡ *"ካብ ውላድ (ብግሪኽ HUIOS) ሄሮድስ፡ ሓሰማኡ (ብግሪኽ HUS) ሓለፋ ውሕስነት ኣለወን"* ብምባሉ፡ ጭካኔ ሄሮዶስ ክሳዕ ክንደይ ፍሉጥ ከምዝነበረ ይገልጸልና።



The Holy Innocents.

ጐ. ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ ዝተወልደሉ እዋን፡ ዳንኤል ዝተነበዮ ጊዜ ከምዝኣኸለ ኵሉ ሰብ ይፈልጥ ስለዝነበረ፡ ዙፋን መንግሥቲ እሥራኤል ናብ ቤተኣቦኡ ዚመልስ ንጉሥ ካብ ገዛ ዳዊት ኣብ ቤተልሔም ኪውለድ ትጽቢትን ጸሎትን ምሉእ ዓዲ ነበረ። ተመራመርቲ ከዋኽብቲ ድማ ዓቢይ ንጉሥ ኪውለድ ዜብሥር ኮኾብ ኪርዩ ይጽበዩ ነበሩ። ሄሮድስ ንባዕሉ ኣብ ጥንቌላ ኣይእመን ደኣ

እምበር፡ ካብ ገዛ ዳዊት በዚ ጊዜ እዚ ዝተወልደ፡ ጽባሕ ናይ መንግሥቲ ምውራስ ድላይ እንተሓደሮ "ኮኾብ ሰማይ መስኪሩለይ ኢዩ!" ቢሉ ንገርሄኛ መእመንን ሰዓብቲ መርከብን ከይኾኖም ኢሉ፡ ሄሮድስ ንዝኾነ ሕጻን *(ተመራመርቲ ስፍሓት ከተማ ቤተልሔም ርእዮም ካብ 20 ክሳብ 30 ዝኾኑ ሕጻናት ኢሎም ይግምቱ)* ቤተልሔምን ከባቢኣን ኪቕተል ኣዘዘ።

እዞም ሕጻናት ዝገበርዎ ዘይብሎም፡ ኣብ ቤተልሔምን ከባቢኣን ኣብቲ ኢየሱስ ዝተወልደሉ ጊዜን ብምውላዶም ጥራሕ፡ "*ተለኪሞም*" ንጹሕ ደሞም ኣፍሰሱ።

ንወንጌላዊ ማቴዎስ ሓዘን ሰብ ቤተልሔም፡ ነቲ ኣብ ከተማ ራማ *(6-7 ኪሎሜተር ካብ ኢየሩሳሌም እትኽውን ከተማ)* ዝተረኽበ ሓዘን የዘኻኽሮ። ኣሶራውያን ብ8ይ ዘመን ቅ. ክርስቶስ ንእስራኤል ወረሩዋ *(ኢሳ 10፡ 29 - ሆሴእ 5፡ 8 ተመልከት)* ድሕሪኡም ባቢሎናውያን ብ6ይ ዘመን ቅ. ክርስቶስ ከምብሓዲሽ ወረሩዋ እሞ፡ ራማ መእከቢ ንስደት ዝውሰዱ ምሩኻት ስለዝተገብረት (ኤር40፡1)፡ ምስላ ሓዘንን ኣውያትን ወለዲ ኮይና ተረፈት። ኣብ ራማ ራሔል ሰይቲ ያዕቆብ - ንብንያም ክትወልድ ዝሞተት - (1 ሳም 10፡ 2) ስለዝተቐብረት፡ ኵለን ኣደታት እስራኤል ከምእትውክል ገይሩ እሞ፡ ብዛዕባ ብኽያት ኣደታት ንባቢሎን ዚውሰዱ እስረኛታት ኬዝንቱ ምስ ደለየ ብራሔል ገይሩ ይምስሎ *(ኤር 31፡ 15)*።

እዞም ሕጻናት፡ ብምርጫኦምን፡ ብኣፎምን ኣብ ክርስቶስ እምነቶም ኣይግለጹ ደኣ እምበር፡ ብምኽንያት ክርስቶስ ደሞም ስለዘፍሰሱ፡ ጻማ ሰማዕታት ከይዓተሩ ኣይተርፉን፡ በዚ ምኽንያት ከኣ ቤተ - ክርስትያን ዓመት-ዓመት ትዝክሮም።



ብጭካኔ ሄሮድስ ካብ 2000 ዓመት ዘየስካሕከሐ የልቦን።

እንተኾነ ሎሚ እዚ ተግባር ኣየቋረጸን። ሎሚ እውን ኣብ መዓልቲ በሻሓት ዚቍጸሩ ገና ኣብ ማሕጸን ኣዲኦም እንከለዉ፡ ተነጺሎም ይኖቱ ኣለዉ። ማሕጸን ሰበይቲ ክንዲ ምንጪ ሓዲስ ሕይወት ዚኸውን መቓብር ውላዳ ይኸውን ኣሎ። ሆስፒታል ወይ ክሊኒክ ክንዲ ገነት ሕይወት ዚኸውን ንብሚልዮናት ዚቍጸሩ ዘይተወልዱ ዕሸላት፡ ፍርዲ ሞት ዚፍጸሞ ቦታ ኰይኑዎም ኣሎ። ሓካይም ክንዲ መምለስቲ ሕይወት ዝኾኑ፡ ፈጸምቲ ፍርዲ ሞት ኰኖም ይኾኑ ኣለዉ፣ ብሕልናኦም ተደሪኾም ኣብዚ ተግባር ምሕዋስ ንዚኣብዩ ድማ በብዓይነቱ ግሁድን ስውርን እገዳ ይግበረሎም ኣሎ።

ዝገደደ ድማ፡ "ሰብነተይ ንብረተይ!" ብዚብል ግጉይ ርድኢት ተደጊፉ፡ ምንጻል ጥንሲ ከም መሰል ፡ ድኅሪ ነዊሕ ቃልሲ ዝተረኽበ ዓወት፡ መለክዒ ማዕርነት ጓል ኣንስተይቲ፡ ተቈጺሩ ይርከብ ኣሎ።

ሕጊ መንግሥቲ ኣብ ብዙኃት ሃገራት ሎሚ፡ ቀይዲ ዘይብሉ ፍቓድ ሂቡ፡ ጓል ኣንስተይቲ ዕድሚኣ ዘየግድስ፡ ዝኣክል ምኽርን ሓበረታን ከይረኸበት፡ ኣብ ዝኾነ እዋን - ቅድሚ ሕርሲ ጥራሕ ዘይኮነስ ኣብ ሕርሲ እውን ይኹን - ምኽንያት ውሳኔኣ ከይትሕተት ተኽልኪሉ፡ ውላዳ እንተዘይደልያቶ ሓካይም ሕይወቱ ኬሕልፉሉ ክትውስን ተፈቒዱላ። ብ1981 ብመጽሔት ሳየንቲፊክ ኣመሪካን ኣብ ዝገበሮ መጽናዕቲ ኣብ አመሪካ ኣብ ዓመት 1.5 ሚልዮን ምንጻል ጥንሲ ኣብ ሆስፒታል ይፍጸም ነይሩ፡ ሎሚ እዚ ቍጽሪ እዚ ከይተዓጸጸፈ ኣይተርፍን ዚብል ግምት ኣሎና . . .




"ብጊዜና ሓዋርያት-ሞት ኮይኖም ጸረ ጽንሲ ዚስለፉ ሓያላት ኪኢላታትን ሃብታማትን ብዙሓት ኣለዉ። ስብከቶም ካብ "ከናፍር መዓር ወለላ የንጠብጥብ፡ ኣፎም ከኣ ካብ ዘይቲ ዚልስልስ" ስለዝኾነ ብዙኃት ተኸተልቲ ይረኽቡ።መወዳእታኡ ግና ከም ዕረ መሪር ከም ክልተ ዝኣፉ ሴፍ በሊሕ ስለዝኾነ፡ ናብ ሞት የውርድ፡ ስጕምትኡ ናብ ናብ ሲኦል የብጽሕ!" (ምሳሌ 5፡ 3-6 ርኤ)። ክንደይ ጽንሲ ሎሚ ኣብ ብርሃን ከይበጽሐ ይንጸል ኣሎ? መን እሞ ኪፈልጦ ይኽእል! ራሔል (ቤተክርስትያን) ሎሚ እውን ኣብ ራማ (ዓለም) ድምጺ ዋይዋይታኣን ብኽያታን ተስምዕ ኣላ። ብሰንኪ እቶም ዘይፈለጠቶም ደቃ ትበክን ምእባድ ትኣብን ኣላ" (ማቴ 2፡ 17-18 ርኤ) (ካብ *<u>"ጸጋ ሕይወት ንምዕቃብ"</u>፡* ብምንቅስቃስ ውህበታዊ ተሓድሶ - ኣስመራ - 1998 - ዝተወሰደ ጥቕሲ፡ *መእተዊ* )

(